# *ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር ብላዕለዋይ ልኡኽ ሃ/ኤርትራ*
# *ብዕለት 13 ሓምለ 2019 ኣብ ፌስትቫል ኤርትራ ጀርመን ተኻይዱ*

*ኣብ ህሉው ኩነትታት ሃገር ዘቶኮረ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር ብላዕለዋይ ልኡኽ ሃገረ ኤርትራ ሚኒስትር ወጻኢ ጉዳያት ሚኒስተር ሳልሕ ዑስማን ብዕለት 13.07.2019 ኣብ ቀጽሪ ፈስትቫል ኤርትራ ኣብ ሃገረ ጀርመን ተቓኒዑ።*

*ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ኣብ ዘካየዶ ሰሚናር፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሓያል ቃልሲን መኸተን ንዝሰርዓሮም ተጻኢታትን ፡ ገስጋስ ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ ዞባና ፈጢርዎ ዘሎ ትስፉው ናይ ምትሕግጋዝ መድረኽን፡ ዝምድና ኤርትራ ምስ ጐረባብታን ኪንዮኡን፡ ቀዳምነታት ሃገራዊ መደባት ልምዓትን ተራ ዜጋታትን፡ ተራ ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ኣብዚ ተኣትዩ ዘሎ ሓድሽ መድረኽ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዞባና ዝርአ ዘሎ ምዕባለታትን ኣመታቱን ዝምልከት ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።*

*ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕን ኣብ ዘቕረቦ መግለጺ ፡ ብምዕራባውያን ሃገራት ዝተሃንደሰ ን20 ዓመት ዝኸደ ሓያል ተጻብኦ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ መኪትና ሰዒርናዮ። ን9ተ ዓመት ዝወሰደ ዘይፍትሓዊ እገዳ ኣብ ልዕሌና ዘውረድዎ ሃሰያ ቀሊል ኣይነበረን እንተኾነ ግን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ካብ ዕላማና ፈልከት ከይበልና ስንና ነኺስና ብጽንዓት ሰዒርናዮ ኢና ።*

*ብምቕጻል ክቡር ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣብ መግለጺኡ ሽርሒ ወያኔን ምዕራባውያንን ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንኽጠፍእ ዝወልዕዎ ሓዊ ምንዳድ ምስ ኣበዮም ፍልሰት መንእሰያት ደይ መደይ ኢሎም ፡ መንእሰያትና ኣብ ፈቖዶ ቦታ ኣደዳ ስቓይን ሞትን ከም ዝወድቁ ጌረሞም እዮም። ሕጂ'ውን ህዝቢን መንግስትን ሃገረ ኤርትራ ንምብርካኽን ሓድነቱ ንብትታንን ዝግበር ድያብሎሳዊ ፈተነታትን ሰብኣዊ መሰላልት እንዳበሉ ዘቕርብዮ ዘለው ጠቕነታትን ክስታትን ዳርጋ ሰዒርናዮ እኳ ኢንተኾና ፡ ተሪፉና ዘሎ ቁሩብ ቀ'ራቦ እዚ ኣብ ደገ ዘሎ ኤርትራዊ ኩሉ ኤምባሲ ሃገር እዩ ዓቕሙ ስለ ዝኾነ ድማ ባዕሉ ከምክቶ' ምኻኑ ኣይንጠራጠርን ክብል ገሊጹ፡*

*ጉዳይ ዶብ ተሓንጺጹ እዩ ኩሉ ውዕላትን ስምምዓትን ኣብ ቅድሚ መሰኻኽር ብዘየጠራጥር ተኸቲሙ'ዩ ተውዲኡ እዩ ። ተሪፉና ዘሎ ህንጻት ሃገር'ዩ። ህንጻት ሃገር ቀሊል ኣይኮነን ምኽንያቱ ተጻብኦታት ከየምከንካ ከምቲ ዝድለ ህንጻት ሃገር ከተካይድ ከቢድ እዩ። ይኹንደኣ እምበር መንግስቲ ኤርትራ ብመደብ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ክቡር ሚኒስተር ሳሊሕ ኣብ መግለጺኡ ሰፊሕ ሓብሬታ ሂቡ።*

*ኣብ ኤርትራ ናብራ ክመሓየሽ ዝኽእል ስራሕ ክንፈጥር ኣሎና ነዚ ድማ ዓቕሚ ሰብ ክምዕብል ስለ ዘለዎ ንሰርሓሉ ኣሎና። ከም ኣብነት ኣብ ኩሉ ኮለጃት ዓቕሚ ሰብና ዝምዕብለሉ ይስርሓሉ ከምዘሎ ሓበረ። ኣብ ስደት ዘሎ መንእሰይ ድማ ተመሂሩ ሞያ ቀሲሙ ሃገሩ ክማዕብል ዓቢ ትጽቢት ከምዝግበረሉ ገለጸ።*

*መራኸቢታት ንሃንጽ ኣሎና ብፍላይ ናብ ኢትዮጵያ ዝወስዱ መንገድታት ንምግፍሖም ተወዲኡኳ እንተ ዘይበልና እቲ ዕማም ተጀሚሩ ኣሎ፡ ምህናጽ መንገዲ ባቡር ዓሰብ ባጽዕን ንምጅማሩ ኣብ መደብ ኣትዩ ኣሎ። ካልኦት ቦታታትን ንምስራሕ ኣብ ውጥን ኣሎ። ልዕሊ 600-700 ሚሊዮን ኩብሜተር ማይ ክዚና ኣሎና ጌና ናይ ኸዝን መስርሕ ክንቅጽሎ ክብል ገሊጹ።*

*ምዕጻው ዶባት ኣልዒሉ ሰፍሕ ዝበለ መግለጺ ሂቡ እቲ መሳለጥያታት ምስ ተወድአ ብሕጋዊ መስርሕ ክኸፈት ምኻኑ ገሊጹ። ብፍላይ ቁጠባና ክምዕብል ኣሎዎ ዝብል ሕቶታት ቀሪቡሉ ሚኒስተር ዑስማን ሒዝናዮ ኣሎና ኣብዚ ቀረባ እዋን ክትግበር ምኻኑ ቃል ኣትዩ።*

*መንግስቲ ኤርትራ ናይ ነዊሕ ጠመተ ዘለዎ፡ ንረብሓታት ህዝቢን ሃገረ ኤርትራ ፡ ንውሑስን ጽኑዕን ዕድላት ህልውን መጻኢን ትውልዲን እዩ ንኹሉ ምስ ኢትዮጵያ ይኹን ምስ ካልኦት ሃገራትን ዝካየድ ውሳኔታን ውዕላትን ዓቕምን ግዜን ኣብ ግምት ብምእታው ዘተግብርን ዝፍጽምን ደኣ እምበር ካልኦት ሃገራት ወይ መራሕታን ዘሎን ዘየለን ፡ ክውንን ዘይክውንን ጸብጻባ ንዝዝርጋሐ ምህውታት ወይስ መልሲ ክህብ ትርጉም ሰለ ዘየብሉ፡ እዩ። ኢቲ ግብራዊ ዝኸነ ህዝቢ ክፈልጦ ዘለዎ ግን ኩሉ ግዜ ይሕብረ እዩ ስለዚ ኣብዚ ዘየድሊን ሓድነንትና ሰላማናን ንምዝራግ ዝዓማዳሕ ወረታት ትርጉም ከምዘይብሉ ብድሕሪ ምብራህ ፡ ሚንስተር ዑስማን ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዝርከብ ህዝቢ፡ ከም ወትሩ ንስጡም ሓድነትና ኣሕይልናን ኩሉ ብጻላእትን ተጻባእትን ንዝካየዱ ዘለው እከይ ተንኮላትን ውዲታትን ንምብዳህ ከምውትሩ ከይተዛነና ድልዋት ንኹን ጉዕዞ ህንጸት ሃገርን ምድንፋዕ፡ ተሳትፎ ኩለን ሃገራውያን ውዳቤታትን ናይ ነፍስወከፍ ዜጋታትን ከዓዝዝን ሓላፍነት ምኳኑ ኣስመረሉ። ንዘይበርህ ብሕቶን መልሲን መግለጺ ድሕሪ ምሃብ መደብ ሰሚናር ተዛዘመ።*

*" ጽንዓት ብጽንዓት፥ ንልምዓት"*

*ክብርን ምጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና !*
*ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ*

*ክፍሊ ሜዳያን ዜና ፌስቲቫል ኤርትራ ጀርመን 2019* *ዕለት 13.07.2019*